ACCADEMIA NAZIONALE DEI LINCEI
ANNO CCCLXXI - 1974

QUADERNO N. 191

PROBLEMI ATTUALI
DI SCIENZA E DI CULTURA

# IV Congresso Internazionale di Studi Etiopici

(Roma, 10–15 aprile 1972)

TOMO II

(*SEZIONE LINGUISTICA*)

ROMA
ACCADEMIA NAZIONALE DEI LINCEI
1974

**IV SEDUTA**

**12 aprile 1972 - ore 16.30**

*Presiede il prof. J. Tubiana*

HAILE GABRE KRISTOS

# POESIA E CANTI POPOLARI TIGRINI

Tutti sappiamo l'importanza che hanno i canti e le poesie popolari nella vita comune di tutti i popoli. Se presso i popoli più evoluti e moderni la poesia sembra assai diminuita, è veramente grande cioè importante presso gli antichi popoli, e quelli di differente cultura. La poesia, il canto sono l'espressione psicologica della vita e del costume di un popolo, consacratori di osservazioni, di avvenimenti storici, di esperienze vissute, di pensieri, di usi, tradizioni e costumi, orma e sigillo del decorso del tempo.

Poesia per la gioia, poesia per la tristezza. Ciò spiega l'interesse che fino dall'antichità mostrarono per così fatte manifestazioni dell'anima popolare anche persone insigni per intelletto e per scienza. Non so quali sono stati i motivi e le cause filosofiche che spinsero Omero a raccogliere delle poesie greche. Sta di fatto però che uomini insigni di ogni tempo raccolsero in varie forme (di antologia) le poesie popolari del loro tempo.

Nel mondo orientale non c'è che non sappia i salmi di Davide, Re di Israele. Alla regola generale non sfuggono le genti etiopiche e le popolazioni Tigrine. Anche Abba Jacob ha voluto raccogliere le poesie e i canti popolari tigrini in una forma di antologia, nel suo libro intitolato « ዝናን ፡ ተረትን ፡ ምስላን ፡ ናይ ፡ ቀደምት ፡ 1941 · ዓ · ም ፡ ኢ » = cioè storie, fatti e proverbi degli Antenati Asmara (1941), in cui da una parte invita alla nuova generazione di impegnarsi ad apprendere il nuovo progresso e la nuova civiltà, dall'altra parte esorta a non trascurare la cultura e la tradizione dei propri Antenati. Esempi di questo invito e di questa esortazione l'abbiamo in due poesie molto significative dello stesso autore qui tradotte, una dedicata all'utilità e all'importanza della scuola, l'altra al tempo e al lavoro.

Abba Jacob Ghebreiesus nacque a Hebo il 25 marzo del 1881 secondo il nostro calendario etiopico. Giovanissimo entrò nel Seminario Minore di Acrur, poi di lì passò al Seminario Maggiore di Kerene. Ivi il 26 marzo del 1905 fu ordinato sacerdote. Dopo parecchi anni di intensa attività il 27 aprile del 1920 assunse la carica di Delegato del Vescovo nella sezione di Hamasien. Nel 1926 passò a Saganeiti, qui dopo parecchi anni di attività di vario genere in campo sociale e religioso fu esonerato dalla carica di Delegato del Vescovo e divenne un semplice parroco di Meareba. In questo periodo senza trascurare la sua attività di parroco si dedicò alla pubblicazione di alcune sue opere: 1. un libro guida per la predicazione di tutte

pale alimento dell'uomo sempre pronto come un banchetto bandito, chi non conosce il tuo significato non venga preso in considerazione. Tutti stiamo (prudenti) e stiano attenti che non ti perdano, a ciascun uomo un testimone.

O lavoro, lavoro chi ti desidera chi ti apprezza ha scelto una buona strada (via) che conduce alla salvezza. È una persona fortunata ed onorata alla quale tu dici: aprite presto, presto.

Orsù giovane mettiti a tuo agio, rimbocca le maniche per il lavoro, prima che venga il giorno in cui sarai chiamato così vedendoti attivo, ti conservi in vita a lungo.

Veramente chi onora e dà fama all'uomo è il lavoro. Colui che ha le mani incallite dal lavoro sembra piuttosto il cielo che si prepara per un temporale, non credere che sia un cavallo che galoppa dopo aver spezzato la corda che legava le gambe.

(Abba Jacob Ghebreiesus)

Saluti e benvenuti formulati in versi in occasione festosa.

- Benvenuti genitori e signori (principi) per vedere e sentire i frutti dei vostri figli. Battete le mani o voi donne mandate (emettete) trilli di gioia, poiché noi siamo fortunati, in quanto abbiamo trovato veramente un tesoro, infatti lo studio è la luce del mondo, senzo lo studio il cuore non sente, ed il cervello si atrofizza, come uno stagno che emana (un puzzo) cattivo odore. Se qualcuno ha parole sfavorevoli verso lo studio non dargli retta. Orsù istruite i vostri figli, alla fine non ritornerà a nostro svantaggio. Non barcollate come uno che ha le gambe malsicure (malferme). Il forte si riconosce dalla saldezza dei suoi passi. Evviva, dite evviva è giunta buona novella, poiché abbiamo visto il progresso dello studio del nostro paese. Regnerà pace e concordia tra figli e genitori. Ben tenete presente o genitori, non indietreggiare, bensì procedere compatti e concordi.

(Abba Jacob Ghebreiesus)

## I. አውሉን ፡ ማሰን ።

1. – ማሰ ፡ ንማሰ ፡ አቐዲሞም ፡ ከይሀሰቡ ፡ ብድንገት ፡ ከም ፡ ዝደርስዎ ፡ መረደኢ ።

ሀደ ፡ ጊዜ ፡ ደጊያት ፡ ማሕሩይ ፡ ናብ ፡ መርዓ ፡ ምስ ፡ ወረደ ፡ ንዘርአይ ፡ ሀያሉም ፡ ድጉሣ ፡ ነዚ ፡ ማሰስ ፡ አቐዲምኩም ፡ ሀሰብኩም ፡ዲኩም ፡ አትብልዎ ፡ ወይ ፡ ኸው ፡ ይመጽአከም ፡ በልዎ ። አቀዲምና ፡ ንሀስበ ፡ አይከናን ፡ ኸውንከ ፡ ብድንገት ፡ ይመጻና ፡ በሉዎ ፡ እም ፡ አብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ አተው ፡ ሃየስኪ ፡ ነዘን ፡ ዝ እልላልካ ፡ አኩርየን ፡ በልዎ ። ሸቡ ፡ ንሱ ፡ እንክንነየው ።

አታ ፣ እዚ.አተን ፣ እዚ.አተን ፣
ንጻዕዳ ፣ ጣፍ ፣ ይገብራአ ፣ ናተን ፣
ነታ ፣ ላሕሚ ፣ ይገብረአ ፣ ናተን ፣
ነቲ ፣ ብዕራይ ፣ ይገብራአ ፣ ናተን ፣
ነቲ ፣ በቅሊ ፣ ይገብራአ ፣ ናተን ፣
ነቲ ፣ ብረት ፣ ይገብራአ ፣ ናተን ፣
ነቲ ፣ ሽመት ፣ ይገብራአ ፣ ናተን ፣
ኩብ ፣ ትርኩ ፣ ዝኸፍእ ፣ ግዝአተን ፣
ኩብ ፣ መጋዝ ፣ ዝበልሕ ፣ ኩራርምተን ፣
አንበሰ'ዶ ፣ ትአስር ፣ አብ ፣ አቶን ፣
ውሕጆ ፣ ማይ ፣ ተከዘ ፣ ይጥመማተን ፣
ንሀንቲ ፣ ዘይከነ ፣ ንኩላተን ፣
ምኩሕ ፣ እንተ ፣ አሎካ ፣ ንዓንዶ ፣ ከማይ ፣ ፍተን ።

(ዘርአይ ፣ ኃይሉም ፣ ድግሣ ።)

2\. – ነዘይ ፣ ሰሚዕን ፣ ምክ ፣ ኩረያ ፣ ደጊያት ፣ ማሕራይ ፣ ሃየስኪ ፣ ሀጀኸ ፣ አ
ስሕቀን ፣ በልዎ ።

ከዛቑረን ፣ ኢየ ፣ ከጻወተን ፣
መዓል ፣ ንጉሥ ፣ ዝወልዳ ፣ ንሳተን ፣
መዓል ፣ ራእሲ ፣ ዝወልዳ ፣ ንሳተን ፣
መዓል ፣ መኳንንት ፣ ዝወልዳ ፣ ንሰተን ፣
መዓል ፣ አቡን ፣ ዝወልዳ ፣ ንሰተን ፣
ነቶም ፣ ከሀናት ፣ ዝወልዳ ፣ ንሰተን ፣
ብዓንተበ ፣ (እኖይ) ፣ ማርያም ፣ ዝቐብአተን ፣
ዓደ'ኸ ፣ አይሹን ፣ ብዘይከተን ። በለን ፣ ደሕር'ዚ ፣ ዓለላሉ ፣ ይበሃል ።

(ዘርአይ ፣ ኃይሉም ፣ ድግሣ ።)

3\. – ከም'ዘይ ፣ ብደንገት ፣ ንሀደ ፣ ሣፈተይ ፣ ዝደጉዓሉ ።

መረበኹም ፣ በዓል ፣ ግምጃ ፣ ጉድፍ ፣
ከራርኹም ፣ ሳሕቲ ፣ ዘይገድፍ ፣
ጭፈታኹም ፣ አፍንጫ ፣ ዝነድፍ ፣
እዚአ ፣ ጸውየክ ፣ አብአ ፣ ገድፍ ። በሎ ።

(ማሰ)

4\. – መሊሱ ፣ እቲ ፣ ሳፈታይ ፣ እስኪ ፣ ነዚ ፣ ጽንጽያ ፣ ግበረሉ ፣ በሎ ።

ጽንጽያ ፣ ጽንጽያ ፣ ሃገር ፣ ትገዝእ ፣ ብጥብያ ፣
እንዳ ፣ ንጉሥ ፣ ንከኻ ፣ ሰብአያ ፣
ነዛ ፣ ጻሕሊ ፣ ንስኻ ፣ ሰብአያ ፣
ዘይትረድእ ፣ አንስቲ ፣ እንተእወያ ፣
ዘይጥምዝሕዝሕ ፣ ሰአንናልካ ፣ ምያ ።

(እገለ ።)

5. – ወይዘሮ ፡ ድንቒነኽ ፡ ሀውቲ ፡ ሕፀይ ፡ ዮሕንስ ፡
ንጉሥ ፡ ምኒልክ ፡ ናብ ፡ ዓዳዋ ፡ ምስ ፡ መጹ ፡ ዝገጠማአ ፡ ግጥሚ ።

ሚለሊኽይ ፡ ሚለሊኽይ ፡ ቤዛ ፡
እንታይ ፡ አምጽጽአኩም ፡ ሰብ ፡ ዘይቢሉ ፡ ግዛ ፡
ባርያን'ዶ ፡ ትገብሩ ፡ አይነበርኩምን ፡ ብአዘዛ ፡
ወርቅን'ዶ ፡ ትገብሩ ፡ አይነበርኩምን ፡ ብአዘዛ ፡
ስብሕት'ንዳ ፡ ትገብሩ ፡ አይነበርኩምን ፡ ብአዘዛ ፡
ፈረስን'ዶ ፡ ትገብሩ ፡ አይነበርኩምን ፡ ብአዘዛ ፡
ጻሕልይን'ዶ ፡ ትገብሩ ፡ አይነበርኩምን ፡ ብአዘዛ ፡
ሞለሊኽንታይ ፡ አምጽአኩም ፡ ሰብ ፡ ዘይቢሉ ፡ ገዛ ፡
(ወይዘሮ ፡ ደንቅነሽ ።)

6. – ማሰ ፡

ማሰ ፡ ማሰ ፡ አከለ ፡ ዓብይ ፡ አብ ፡ ዓራቱ ፡
ኪኽይድ ፡ ሬትሬቱ ፡
እስኪ ፡ እንገንአ ፡ ሕተቱ ፡ ቀይሕ ፡ ከር ፡ አልዒሉ ፡ ዕብየቱ ፡
ፈሪታ ፡ ዝምቀል ፡ ምስ ፡ አሕወቱ ፡
እስኪ ፡ እገለ ፡ ሀሊፍኩም ፡ ሕተቱ ፡
ጉራአ ፡ ዓቢ ፡ ዓዲ ፡ አልዓሉ ፡ እብየቱ ፡
ፈረታ ፡ ዝምቀል ፡ ምስ ፡ አሕዎቱ ፡
እሰከ ፡ ንመረታ ፡ ሐለቶኩም ፡ ሕተቱ ፡
እንበይቶ ፡ አልዒሉ ፡ እብየቱ ፡
ፈረታ ፡ ዝምቀል ፡ ምስ ፡ አሕዎቱ ፡
እስኪ ፡ ንተድረር ፡ ሀሊፍኩም ፡ ሕተቱ ፡
ሀዲስ ፡ ዓዲ ፡ አልዒሉ ፡ ዕብየቱ ፡
እስሲ ፡ ንገላ ፡ ሕጺን ፡ ሐሊፍኩም ፡ ሕተቱ ፡
ዓዲ ፡ ገሃድ ፡ አልዒሉ ፡ ዕብየቱ ፡
ፈረታ ፡ ዝምቀል ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡
ኪለው ፡ ጠፈኡዎ ፡ ነናየበቱ ፡
ሕደግናዮ ፡ ቃንዳ ፡ መለኸቱ ፡
ከሳብ ፡ ዘመጽዎ ፡ ሰብ ፡ ርበቱ ፡
ንሕና ፡ ጥራሕ ፡ ደና ፡ ሕማቃቱ ፡
ዘይሐይፍዶ'ሉ ፡ በብተርቱ ፡
ደም ፡ ይቀድም ፡ ደም ፡ ይድሐር ፡ ቢሉም ፡ እንተ ፡ ተማጉቱ ፡
ወዲ ፡ ቅሺ ፡ ከንፈ ፡ ንፂ ፡ ቅርሺ ፡ ፍትሕ ፡ አቢሉ ፡ እንተ ፡ ሃበም ፡ ኩብ ፡
ቅናቱ ፡
ፍንከል ፡ እንደአ ፡ በሉ ፡ ከም ፡ ዝምቱ ።
(እይተ ፡ ዘርአብሩኽ ፡ ወዲ ፡ ከፍሉ ፡ አኽሩር ።)

7. ማሰ ፡ ወይ ፡ ማጥሚ ፡

እዚ ፡ ዘመን ፡ እዚይ ፡ ዘመን ፡ መላልሶ ፡
ቀሺ ፡ ከሎ ፡ ዓለም ፡ ዚቐድሶ ፡
ሰብአይ ፡ ከሎ ፡ ሰበይቲ ፡ እትቁርሶ ፡
ከልቢ ፡ ከሎ ፡ በገዕ ፡ ትናኸሶ ።

(ተበህለ ፡ ይበሃል ፡ እገለ ።)

8. – ማሰ ፡ ወይ ፡ ግጥሚ ።

ከመይ ፡ ኢኻ ፡ አባ ፡ ነጋ ፡ (ራእሲ ፡ አሉላ) ፡ ጐይታ ፡ ኵሎም ፡
ጐይታ ፡ ሕማሴን ፡ ገይታ ፡ ሰራዬ ፡ ገይታ ፡ አከለጉዛይ ፡ ገይታ ፡ ኵሎም ፡
ገዛእትና ፡ እም ፡ መጹ ፡ ብምስራ ፡ አቢሎም ፡
አብ ፡ ሰሐጢ ፡ ቅልቅል ፡ እንከትብሎም ፡
አብ ፡ ሕቘአም ፡ መድሕጹ ፡ (ሳንጃ) ፡ ተኵልኵሎም ፡
አብ ፡ አእጋሮም ፡ ቁርበት ፡ ጠጠቅሊሎም ፡
ፈሪሆም ፡ ነቢሮም ፡ ተሸቢሮም ፡
ንሰማይ ፡ ደየቡ ፡ ሕዊ ፡ ተቃቂጺሮም ፡
ሕነ'ቲአ ፡ ንገዛ'ኻ ፡ አውደቁዎ ፡ ቂቂጾሪዎ ፡
መቀንዕ ፡ ጢፈእ'ኻ ፡ ስሚ ፡ ዝፋኖም ።

(ሐንቲ ፡ ተንበነይቲ ።)

9. – ማሰ ፡ ንኹብኩብታ ፡ እተገጥመሉ ፡ ማለት ፡ ንኹብኩብታ ፡ ቀጥቀጡ ፡ ዝ
ብል ። አዋጅ ፡ ምከ ፡ ተአወጀ ፡ እተገጥመ ።

ወይለየ ፡ ወይለየ ፡ ወይለየ ፡
ብዘይ ፡ ዕርቂ ፡ ብዘይ ፡ ዕማግለ ፡
ብዘይ ፡ ፍርዲ ፡ ብዘይ ፡ ምገልጋለ ።
እግረፍ ፡ አለኹ ፡ ጨዓ ፡ ገይረ ፡
አበይ ፡ እንተ ፡ ዝርእስ ፡ እንታይ ፡ ምገበረ ፡
ብሐዘን ፡ ግዳ ፡ ኪቆሉ ፡ ምሐደረ ።
አነስ ፡ እንተ ፡ መትኩ ፡ ሐደ ፡ ቆልዓ ፡
አበ ፡ እንተለኒ ፡ ዝረደእ ፡ ብሸዓ ፡
ንአይስ ፡ ቅተሉ ፡ ቆልዓ ፡ ኢየ ፡ ቀልዓ ፡ ቀልዓ ፡
አበይ ፡ እንተመጸ ፡ ግዳ ፡ ብጉሕ ፡ ጥዓ ፡
ቴላዐትክን ፡ ሒዝክን ፡ ከይትኑብዓ ፡
ተስካር ፡ ከይትስእና ፡ ከሎ ፡ መርዓ ።

እገለ ፡ (ለ – ገ – ማ – ግ.)

10. – ማሰ ፡ ወይ ፡ ግጥሚ ።

እስኺ ፡ ብኺዩ ፡ ዓበይቲ ፡ ቁልው ፡
በቃ ፡ ዝሐዘ ፡ ተጸጊው ፡ ፈረስ ፡ ዝሐዘ ፡ ተጸጊው ፡
በቕሊ ፡ ዝሐዘ ፡ ተጸጊው ፡
ቀሚሽ ፡ ሽመት ፡ ዝሐዘ ፡ ተጸጊው ፡
ገንዘብ ፡ ዝሐዘ ፡ ተጸጊው ፡ ሰብ ፡ ዘለዎ ፡ ተጸጊው ፡
ብሰማያት ፡ ክሳብ ፡ ትሰርው ፡ አነ ፡ ተወጸዓከ ፡ ክሰብ ፡ ስዓ ።
(እገል ።)

11. – ማሰ ፡ ወይ ፡ ግጥሚ ።

ማሰ ፡ ንአይተ ፡ ናይ ፡ ሀደ ፡ ዓርከም ፡ ከይምትኩ ፡ እስኪ ፡ አልቅሰለይ ፡ ም
ስ ፡ በልዋ ፡ ዝገጠመለም ።

አይተ ፡ ናዩ ፡ አይተ ፡ ናዩ ፡ ብርኹኹም ፡ አምጺኡ ፡ ዘይጠበዩ ፡
ዓቀብ ፡ እንተ ፡ ረአኹም ፡ ትሀከዩ ፡ ዓይንኹም ፡ አምጺኡ ፡ ዘይጠበዩ ፡
ንትፈልጥዎ ፡ ሰብ ፡ ትጋገዩ ፡ እዝንኹም ፡ አምጺኢ ፡ ዘይጠበዩ ፡
እንተ ፡ ጸወዓኩም ፡ ዎይ ፡ ትአብዩ ፡ ንስኹምዳ ፡ ኩም ፡ እርጋን ፡ እዩ ።

12. – ማሰ ፡ ደበሳይ ፡ ወዲ ፡ ምሀር ፡ አኹሩር ፡ ንወልዱ ፡ ወዲ ፡ ማሕሩ ፡ አኹሩ
ር ፡ አልቅሰለይ ፡ ምስ ፡ በሎ ፡ ዝገጠመሉ ።

አንገብ ፡ ኢኻ ፡ ወዲ ፡ ምሁር ፡ አንገብ ፡ (ከተማ)
ሕቆኻን ፡ ብርከኻን ፡ ኩብ ፡ ዝእጐብ ፡
ብርከኻን ፡ ርእስኻን ፡ ኻብ ፡ ዝላጉብ ፡
ጸሀይ ፡ እንከሎ ፡ ኻብ ፡ ዝብለኻ ፡ ገብገብ ፡
አንገብ ፡ ኢኻ ፡ ወዲ ፡ ምሁር ፡ አንገብ ፡
አብ ፡ አንስቲ ፡ ደቅኻ ፡ ካብ ፡ ትምገብ ፡
ትርኤ ፡ እምበር ፡ ዓለምደ ፡ ትጽገብ
ክሳብ ፡ ሎሚ ፡ እኻ ፡ ዝጸናሕካ ፡ ዓገብ ፡
ትርኤ ፡ እምበር ፡ ዓለም'ዶ ፡ ትጽገብ ፡
አንገብ ፡ ኢኻ ፡ ወዲ ፡ ምሁር ፡ አንጉብ ።

13. – ማሰ ፡ ወይ ፡ ግጥሚ ።

ሰበይቲ ፡ አቦይ ፡ ደበሳይ ፡ ነዊሕ ፡ ዝባን ፡ (ሠራይ ፡ )
ዓቢይ ፡ እንተ ፡ በልከዩን ፡ ምንጫን ፡ ኳልባን ፡
ንሳ ፡ እንተበልካየን ፡ ቆጫን ፡ ጸባን ፡
እንዳ ፡ አቡን ፡ ዮናስ ፡ እኳ ፡ ጠፈኡዎ ፡ ቁርባን ፡

የፍልሕክን ፡ የጠጥዕክን ፡ ደአ ፡ 'ምበር ፡ ከም ፡ ጉላን ፡ ከም ፡ ጋበን ፡
ኢድክን ፡ ዝመልሰልክንስ ፡ አይትረኽባን ፡፡

(እገለ ፡፡)

## II. – መደብ ፡ መልቀስ ፡፡

### 1. – መልቀስ ፡፡

ተስፋዝጊ ፡ ዓንድማርያም ፡ ቀይሕ ፡ ከር ፡፡ ጉሒላ ፡ ንዝነበረ ፡ ንሐጐስ ፡ ወ
ዲ ፡ ተዓረ ፡ ገሪእ ፡ ዘልቀሰሉ ፡፡

ሃይደት ፡ ኢኻ ፡ ወዲ ፡ ተዓረ ፡ ሃይደት ፡ ላም ፡ ድሪርከ ፡ ከም ፡ አንበሳ ፡ ጉ
ንደት ፡
ጉሪደኻ ፡ ክንደይ ፡ ዘይሀረደት ፡ ደንበ ፡ ተኸለይ ፡ ብአኻዶ ፡ ዘይበደት ፡
ሃይደት ፡ ኢኻ ፡ ወዲ ፡ ተዓረ ፡ ሃይደት ፡ ደንበ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ብአኻ ፡ ዘይ
በደት ፡
ደንበ ፡ መሪጉዝ'ዶ ፡ ብአኻ ፡ ዘይበደት ፡ ሃይደት ፡ ኢኻ ፡ ወዲ ፡ ተዓረ ፡ ሃ
ይደት ፡ ወየ ፡ ወየ ፡ ሥጋ ፡ ዝበልዓት ፡ ነፍሲ ፡ ፈደት ፡
አብ ፡ ደጋ ፡ ሰማይ ፡ ክንታይ ፡ ተፈርደት ፡፡

### 2. – መልቀስ ፡፡

ዕዋል ፡ ወዲ ፡ ማእሰ ፡ በዓል ፡ ደቂ ፡ ሽሀይ ፡ ዓንሰባ ፡ ንልባብ ፡ ዳፍላ ፡ ደ
ቂ ፡ ሽሀይ ፡ ዘልቀስሉ ፡ አብ ፡ ምቱ ፡፡

ከመይ ፡ እልኩም ፡ ውዓልኩም ፡ ጐይታ ፡ ፈረስ ፡
እንታይ ፡ ዘመኑ ፡ ኢዩ ፡ እዝይ ፡ ዘመን ፡ ሕምሽምሽ ፡
እኸሊ ፡ ዘይእቱ ፡ ዝሀረሰ ፡
ጾባ ፡ ዘይሰቲ ፡ ዝአንሰሰ ፡
ሃይማኖት ፡ ዘይቢሉ ፡ ዝቀሸሸ ፡
ፍትሒ ፡ ዘየውጽእ ፡ ዝነገሠ ፡
ይደብስኩም'ከ ፡ ኢዮብ ፡ ዝደበሰ ፡፡

### 3. – መልቀስ ፡፡

አ'ሆይለ'ዶ ፡ ከልቅሰልኩም ፡ ሓንቲ ፡ ካብ ፡ መላእኸቲ ፡ እንረቱ ፡ አጋንንቲ ፡
መማህሪን ፡ ከለው ፡ ምስ ፡ ካህናት ፡ መንግስተ ፡ ሰማይ ፡ ምልክቱ ፡ ሰቲ ፡
ንገሃነም ፡ እሳት ፡ ምልክቱ ፡ ለይቲ ፡
ነፍሲ ፡ ጠፍአት ፡ ምስ ፡ ሥጋ ፡ ክንዝቲ ፡፡

(ሐንቲ ፡ ደጕዓተይቲ ፡፡)

4. መልቀስ ፡፡

ወርሒ ፡ ለይቶ ፡ በዓል ፡ ማእረብ ፡ ንኽንቲብ ፡ ዓንዱ ፡ አኽሪር ፡፡

ከመይ ፡ እ'ኹም ፡ ክንቲበየ ፡ ዓንዳ ፡ ወዲ ፡ አስገደ ፡ ዓቢይ ፡ ዝምላዱ ፡
ወዲ ፡ ስኪሕ ፡ ዓቢይ ፡ ዝምላዲ ፡ ወዲ ፡ ሃብተማርያም ፡ ዓቢይ ፡ ዝምላዱ ፡
ከመይ ፡ ኢኹም ፡ ክንቲበንከ ፡ ዓንዱ ፡ ሃበ ፡ ላም ፡ ኢልኩም ፡ ሱብ ፡ ተሕ
ርዱ ፡
ሃበ ፡ ጣእም ፡ እልኩም ፡ ሰብ ፡ ተሕርዱ ፡
አከለጉዛይ ፡ ዝብል'ኹምስ ፡ ማይ'ከ ፡ ወለዳ ፡
አብ ፡ ሰሪርጊ ፡ ዋእላ ፡ እንተተአ'ኩዳ ፡ ጓሶት ፡ እንደአሎም ፡ ሱብ ፡ አጓዳ ፡
ይብልዓንንከ ፡ ክንቲበየ ፡ ዓንዱ ፡ ቀጢን ፡ ብርኪ ፡ ክም ፡ ውላድ ፡ ጠለ ፡ ብዲ ፡
ይብልዓንንከ ፡ ክንቲበየ ፡ ዓንዲ ፡ ንጉሥ ፡ ምተ ፡ ነጋሪት ፡ ሰንደዱ ፡፡

5. — መልቀስ ፡፡

በሻይ ፡ ወልደገብርኤል ፡ ዳግሣ ፡ ንበሻይ ፡ ብርሃን ፡ ክንቲበ ፡ ወልደይ ፡ ም
ስ ፡ ምቲ ፡ ዘልቀስሎም ፡፡

ወዲ ፡ ወልደይ ፡ ዝበልእ ፡ መኒዑ ፡ ወዲ ፡ ሃጐስ ፡ ዜበልእ ፡ መኒዑ ፡
ገደፍኩምናዶ ፡ ምስ ፡ ቁልዑ ፡ እንተ ፡ ጸዋዕክዮም ፡ ዘይሰምዑ ፡
እንተ ፡ ለአክዮም ፡ ዘየቅንዑ ፡ ሐይው ፡ ጸውዑና ፡ ሐይው ፡ ንዑ ፡፡

6. — መልቀስ ፡፡

ንሐጐስ ፡ ወዲ ፡ ዓንዱ ፡ ሠገነይቲ ፡ ዘልቀስሎም ፡
እዚ ፡ ዓዲ ፡ እዚይ ፡ እንታይ ፡ ኢዩ ፡ አንዲ ፡
እዚ ፡ ጽሕዲ ፡ እዚይ ፡ እንታይ ፡ ጽሕዱ ፡
ወይ ፡ አሕሩስ ፡ ከይኖም ፡ አይልብዲ ፡
ወይ ፡ አስላም ፡ ከይኖም ፡ አይነግዱ ፡
ሐቆም ፡ እንደ'የሎ ፡ አብ ፡ ሰይጣን ፡ ኪኸዱ ፡
በርብዓ ፡ ጸም ፡ ስብሐቲ ፡ ላም ፡ ዝሀርዱ ፡
ይብልዓንንከ ፡ ሐጐስ ፡ ወዲ ፡ ዓንዱ ፡
በዓል ፡ ሮማይ ፡ ክም ፡ እንዳ ፡ ሹም ፡ ዓጋመ ፡ ወልዲ ፡፡
(ወርሂ ፡ ለይቶ ፡ መዓረበ ፡፡)

7. መልቀስ ፡፡

አያተ ፡ ዑቑቢት ፡ አሸሩ ፡ ደጉዛይ ፡ ንአይተ ፡ ሽመ'የናይ ፡ በእል ፡ ደጉዛ
ይ ፡ ውግእ ፡ በለሳ ፡ ምስ ፡ ደጊያት ፡ ውቤ ፡ ክዋግኡ ፡ ምስደቆም ፡ ንዝሞ
ቱ ፡ ዘልቀስሎም ፡፡

ከመይ ፡ ኢኩም ፡ ሸመ ፡ የናይ ፡ ፈረቓ ፡ ከተማ ፡
ወለደ'ክዮም ፡ እንኩብ ፡ አሚን ፡ ሐማ ፡

እ'ኳ ፡ ዘይወሰከ ፡ እንካብ ፡ ጉርዞ ፡ ውሽማ ፡
አዕቢ'ኻዮም ፡ ብሐደ ፡ ኩርማ ፡
ሰሊምካዮም ፡ ብኅብስቲ ፡ ብጨማ ፡
ሐደው ፡ ከይተሀድምም ፡ ንሳሊማ ፡
ሐደው ፡ ከይትበሎም ፡ ቅርሺ ፡ ብሰርማ ፡
ገበርካዮምዶ ፡ መፈተን ፡ ዕላማ ፡
አሰርካ ፡ ዝርከበ ፡ ሴማ ።

8. – <u>መልቀስ ።</u>

አይተ ፡ ሁቅቢት ፡ አሸሪ ፡ ደጉዛደ ፡ ንወዶም ፡ ዘልቀሱሉ ።
አታ ፡ አነ ፡ እንታይ ፡ ኢየ ፡ ዝብሎ ፡
አይተ ፡ ናብልሸ ፡ እ'ኳ'ሎ ፡ አብጭዓሎ ፡
ሐደ ፡ ወዲ ፡ ገቢሩ ፡ ጸሎሎ ፡
አይተ ፡ ገብራይ ፡ እ'ኳ ፡ አሎ ፡ እብ ፡ ሃዳድም ፡
ሐደ ፡ ወዲ ፡ ቀቲሉ ፡ ኢሉ ፡ ኩድም ፡
አታ ፡ አነኸ ፡ እንታይ ፡ ኢየ ፡ ዝብሎ ፡
ናቲ ፡ ወሲዱ ፡ ናተይ ፡ ግደፈለይ ፡ ከለ ።

9. – <u>መልቀስ ።</u>

ከልተ ፡ ጠበብቲ ፡ ምስመቱ ፡ ሐደ ፡ ዓርከም ፡ አብ ፡ ቀብሮም ፡ ዘልቀሰ ።
ደቂበይ ፡ ደበሳይ ፡ እዮም ፡ ክልተ ፡ መዘና ፡
አእዳዎም ፡ አእጋሮም ፡ ከምዚ ፡ ናትና ፡
አፉቶም ፡ አሰናኖም ፡ ከምዚ ፡ ናትና ፡
ምሉእ ፡ አከላቶም ፡ ከምዚ ፡ ናትና ፡
ብዘመን ፡ አልሐሸ ፡ አንበጣ ፡ በልዓና ፡
ብዘመን ፡ ብልቱግ ፡ ብከፋእ ፡ ጠመና ፡
ንሳቶም ፡ ደአ ፡ ተሰዱ ፡ ቅድመና ፡
ዝብሉ ፡ ከይኖም ፡ ሰብ ፡ ይኸኑ ፡ ይብሉና ፡
ዓርኪ ፡ ሕሩም ፡ ሃንትን ፡ ነይረአና ፡
ናብሪ ፡ አዳም ፡ ደአ ፡ ወትሩ ፡ ዕላለይና ፡
ደቂ ፡ አዳም ፡ ኢዮም ፡ ዝምቱ ፡ ከማና ፡
ደንቁርና ፡ እንድ'ኢዩ ፡ ነዚ ፡ አምጺኡ ፡ ዘእተወልና ።

እገሌ ። (አ·ገ·ግ ፡ በ ፡ ዓ ።)

10. – <u>መልቀስ ።</u>

ልጅ ፡ ጋንጉል ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ኲዓቲት ፡ ንመሐሪ ፡ ወዲ ፡ ከን
ቲባ ፡ እማን ፡ ዓደ ፡ ብዑር ፡ ሐደቲ ፡ ዘልቀሰ ።
ወዲ ፡ እማን ፡ ጠጅ ፡ ዝብረሑ ፡

ወዲ ፡ ሐጉስ ፡ ጠጅ ፡ ዝብረሑ ፡
ወዲ ፡ ዘማርያም ፡ ጠጅ ፡ ዝብረሑ ፡
መሐሪስ'ኻ ፡ ንእሱ ፡ አዮም ፡ ድርጎ ፡ ዝምሳሑ ፡
አባጥመር ፡ ባህታ ፡ ሐሊፉ ፡ እርሐእም ፡ ነረሑ ፡
ጐሹ ፡ ኰዓቲት ፡ ሃሊፉ ፡ እርሐእም ፡ ነሪሑ ፡
አቱም ፡ ሀገር ፡ ከማይዶ ፡ ትፈርሁ ፡
ዝበልኩኩም ፡ ከማይዶ ፡ ትፈርሁ ፡
ምስሌነና ፡ አመና ፡ በዚሑ ፡
ሰረሩና ፡ አመ ፡ ነዊሑ ፡
አነ ፡ ክዛረብ ፡ ተለሚዱ ፡ አበይ ፡ ጽንሑ ፡
አንበጣ ፡ መጸ ፡ ብጉላ ፡ ፈላሑ ፡
እንካብ ፡ ዋልታናዶ ፡ ዋልታኡ ፡ ሰፈሑ ፡
እንካብ ፡ ጥይትናዶ ፡ ጥይቱ ፡ በዚሑ ፡
እንካብ ፡ ኩናትናዶ ፡ ኹናቱ ፡ በሊሑ ፡
አጥፉአና ፡ ወለ ፡ ደይና ፡ አብዚሑ ፡
አቲምንታይ ፡ ምግባርና ፡ በዘሑ ።

II. – <u>መልቀስ</u> ።

ናይ ፡ ጉድአት ፡ ምስቆርቆር ።

አታ ፡ ጉድ ፡ እንድኢ ፡ ጉድ ፡ ኤንድኡ ።
ውሉድ ፡ ወጸ ፡ ከኩብ ፡ እንድኡ ፡
ዝናም ፡ ሐጸጸ ፡ ብወቆትኡ ፡
እኸሊ ፡ ድማ ፡ ነፈጸ ፡ ካብ ፡ ጉነኡ ፡
ጥረት ፡ ሀደመ ፡ ተባረረ ፡ እንኩበ ፡ ደንባኡ ፡
አታ ፡ ጉድ ፡ እንድኢ ፡ ጉድ ፡ እንድኢ ፡
ደመና ፡ ይጅምር ፡ ከምድሮኡ ፡
በርቂ ፡ ይጀምር ፡ ከምድሮኡ ፡
ነጐዳበ ፡ ይጅምር ፡ ከምድሮኡ ፡
ግመ ፡ ከዓ ፡ ይመጽእ ፡ ብሥፍሪኡ ፡
ነማስያኡ ፡ ይሳገር ፡ ናብ ፡ ማዕደኡ ፡
ይሀቦም ፡ ይዘንመሎም ፡ ብጊዜኡ ፡
ይሐርሱ ፡ ይሃፍሱ ፡ ብመላኡ ፡
ይሐፍሱ ፡ ይመልኢ ፡ ብልከዐ ፡
አታ ፡ ጉድ ፡ እንድኡ ፡ ጉድ ፡ እንድኡ ፡
አታ ፡ ሃገር ፡ ከርሀም'ዶ ፡ ይጸበከ ፡ እዩ ፡
አነስ ፡ ነጊረ ፡ ብወትሩኡ ፡ ብድሮኡ ፡
እዚ ፡ ሃገር ፡ ዘይምሀለል ፡ በብንድኡ ፡
ናይ ፡ አምላክ ፡ ከይበጽሐ ፡ ምውዳሉ ።

(አባ ፡ ያዕቆብ ፡ ገ/ኢየሱስ ።)

12. – መልቀስ ።

ሐደ ፡ ሰብአይ ፡ ብጥሚት ፡ ንዝምተት ፡ አድኡ ፡ ዘመን ፡ ምስ ፡ ሐለፈሉ ፡ ነጣቢታ ፡ አብኢዲ ፡ ሒዙ ፡ እናስ ፡ ቆርቀረ ፡ ዘልቀሰ ።

ሐመር ፡ ፈረስ ፡ ናይ ፡ በሻይ ፡ ዳንገዘ ፡
ጨማ ፡ ሥጋ ፡ መብልዕኡ ፡ አዋዘ ፡
እኖይ ፡ ንዕነ ፡ ቀታሊኸን ፡ ሒዘ ።

ሐደ ፡ ደጕዓታይ ።

## III. – መደብ ፡ ናይ ፡ ክራር ፡ ወይ ፡ መሰንቆ ፡ ግጥሚ ።

1. – ክራር ፡ ወይ ፡ መሰንቆ ።

ሐዳር ፡ ወሰን ፡ ተውለ (፩) ሐዳር ፡ ወሰን ፡ ደቂ ፡ ሐኻ ፡ ዚብላ ፡ ወሸን ፡ (፪ ተ ፡ ጊዜ ፡ በለ) ፡ ሐደር ፡ ወሰን ፡ ተውለ ፡ ሃደር ፡ ወሰን ፡ ደቂ ፡ ሐኻ ፡ ጥን ቶሊዒት ፡ ቀርነን ፡ ዘይሐሊኻ ፡ ሃይሊ ፡ መን ፡ አሚነን ፡ ዘይሃልከ ፡ ሃይሊ መን ፡ አሚነን ፡ ስያኸ ፡ ሐርማዝ ፡ ዝሰትያ ፡ ዶኒነን ።

ሐላው ፡ ወሰን ፡ ተውለ ፡ ሃላው ፡ ወሰን ፡ (ድገም ፡ ፪ጊዜ) ፡
ምድሪ ፡ ሃረሰ ፡ ሐርማዝ ፡ ዝነበረ ፡ ምደረ ፡ ሃረሰ ፡ ሐርማዝ ፡ ዝነበረ ፡ ተውለ ፡
በከስታን ፡ አሥርሃ ፡ ምንታን ፡ ወረ ፡ በታኸ ፡ ክሳድ ፡ ሰባር ፡ መስንገለ ፡
ሐላው ፡ ወሰን ፡ ተውለ ፡ ሃለው ፡ ወሰን ፡ አቦ ፡ በሪሀ ፡ አቦኻ ፡ ነገደ ፡
በረኻ ፡ ትመስል ፡ ምስ ፡ ነደደ ፡ በረኻ ፡ ትመስል ፡ ምስ ፡ ነደደ ፡
አንበላይ ፡ ትመስል ፡ ምስሀደደ ፡
ንዝግና ፡ ትመስል ፡ ምስ ፡ ነጐደ ፡ ተውለ ፡
ሃላው ፡ ወሰን ፡ ተውለ ፡ ሃላው ፡ ወሰን ፡ መሬትስ ፡ አብጻሕክዩ ፡ ናብ ፡ ደረቱ ፡
ጸሃይ ፡ ምሸት ፡ ዝናም ፡ ምዓታቱ ፡ ተውለ ፡
ምስሪ ፡ ተላገረት ፡ ወረቀቱ ፡ ምስሪ ፡ ተሳገረት ፡ ወረቀቱ ።
ደቂ ፡ ጻዕዳ ፡ ኪወርዳ ፡ ዓንሰባ ፡ ተውለ ፡
መራው ፡ ዝመስላ ፡ ተሸብሸባ ፡ መፈው ፡ ዝመስላ ፡ ተሸብኸባ ፡
ሐላው ፡ ወሰን ፡ ተውለ ፡ ሃላው ፡ ወሰን ፡ ደቂ ፡ ጻዕዳ ፡ ከወርዳ ፡ ዓንሰባ ፡ ተ ውለ ፡
አዋልድ ፡ ዝመስላ ፡ ሰብ ፡ ሕጽባ ፡
በዓል ፡ ጕርዲ ፡ ድቦ ፡ ጋብላ ፡ ጸባ ፡ ተወለ ።

ፍቁር ፡ ሥላሴ ፡ ዑቁባዝጊ ፡ ሕነሽም ።

2. – ክራር ፡ ዋይ ፡ መሰንቆ ።

ንኸንቲባ ፡ በኺት ፡ እምባደርሆ ፡ ክርነሽም ።

ክም ፡ ረአና ፡ በኺት ፡ ክምረአና ፡

ከም ፡ ረአና ፡ በኺት ፡ ከምረአና ፡
እታ ፡ ሐናቆ ፡ ጉንዲ ፡ ሃላው ፡ ምና ፡
ከም ፡ ረአና ፡ በኺት ፡ ከም ፡ ረአና ፡
ከም ፡ ረአና ፡ በኺት ፡ ከም ፡ ረአና ።

ፅ (ዓከላይ ፡ አደራጋ ፡ ጉራ ፡ ኢ.ድ)

ተኸቲርካ ፡ አብዛ ፡ ምድርካየ ፡
አበልካዮም ፡ አቦይን ፡ ጐይታይንየ ፡
ምስ ፡ ዚኸውን ፡ ዓድዋን ፡ ቋሐይን ፡
ምስ ፡ ዚኸውን ፡ ጐንደር ፡ ምስ ፡ ትግራይን ፡
ተኸቲርካ ፡ አብዛ ፡ ምድርኻየ ።
ከም ፡ በረቅካ ፡ ከም ፡ ወርሕን ፡ ጸሃይን ፡
ከም ፡ ገዛእካ ፡ ብቃንዳን ፡ ሮማይን ።
እታ ፡ ወይ ፡ በኺቱ ፡ ወይ ፡ በኺቱ ፡
ርሑስ ፡ አርሃ ፡ መበቁል ፡ እኖታቱ ፡
ሐልሐል ፡ በግስ ፡ ኪብሉ ፡ በኺት ፡ ምይቱ ፡
ሰብ ፡ ዓንሰባ ፡ ኪብሉኻ ፡ በኺት ፡ ምይቱ ፡
ሰብ ፡ ደንበዛን ፡ ኪብሉኻ ፡ በኺት ፡ ምይቱ ፡
ሰብ ፡ ክርነሽም ፡ ክብሉኻ ፡ በኺት ፡ ምይቱ ፡
ከም ፡ ነቓለ ፡ መላግብ ፡ ከፍቱ ፡
ርሑስ ፡ አርሐ ፡ መበቁል ፡ እናታቱ ።

ፍቁረ ፡ ሥላሴ ፡ ሕነሽም ።

3· – <u>ከራር ፡ ወይ ፡ መሰንቆ</u> ።

ንራእሲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እተደርሰ ።

ዘይድፈር ፡ ክቡር (ሀፋር) በዓል ፡ ዓመት ፡
ብሰማይዶ ፡ ወሪድካ ፡ ብገመድ ፡
ብሰማይዶ ፡ ወረድካ ፡ ብገመድ ፡
ብምድርዶ ፡ ፈላሕኻ ፡ ብሐመድ ፡
ምቅታል ፡ ሞቀተልካ ፡ ምሕረት ፡ ልመድ ፡
ዓርኪ ፡ ፖሻ ፡ ዓርኪ ፡ በዓል ፡ ምስሪ ፡
አኪቡ ፡ ሃቡካ ፡ ሰናድረ ፡
ጐይታ ፡ ደባስ ፡ ጐይታ ፡ ተሳባሪ ፡
ጐይታ ፡ ሃብቱ ፡ በዓል ፡ ዘግሪ ወልዲ ፡
ጐይታ ፡ መድኅን ፡ ጐይታ ፡ ፈተውራሪ ፡
ጐይታ ፡ ቅልጽም ፡ ጐይታ ፡ አገፋረ ፡
ወይለኹምከ ፡ ወልዱ ፡ ምስ ፡ ዝከረ ፡
ኸሰቱ ፡ የአትወኩም ፡ ትሕቲ ፡ ምደሪ ።

አብ ፣ ሐማሴን ፣ ተፈጠርካ ፣ ዳብሉስ ፣
ገዛሕገዝካዮ ፣ ዘይብሉኻ ፣ ምለስ ፣
ከይሐረሰ ፣ ዝበልዕ ፣ ከም ፣ መፋለስ ።

ሐልሐ'ዶ ፣ አየለከን ፣ ጽቡቅ ፣ መሬት ፣
አታ ፣ ዘይድፈር ፣ ክቡር ፣ በዓል ፣ ዓመት ፣
ሰናድር ፣ እንዶ ፣ አየለከን ፣ ጽቡቅ ፣ ብረት ፣
እንታይ ፣ ወደየካ ፣ አብ ፣ ሰንሰለት ።

ፋተውራሪዶ ፣ ይብሉኻ ፣ አይመትን ፣
ግራዝማትዶ ፣ ይብሉኻ ፣ አይመውትን ፣
ቀኛዝማትዶ ፣ ይብሉኻ ፣ አይመውትን ፣
ሰናድርካ ፣ ዘበልካየን ፣ ብትን ፣
ክትረክብ ፣ ክትስእን ፣ ዘይትፍትን ።

(ፍቁረ ፣ ሥላሴ ፣ ሕነሽም ።)

4. – ክራር ፣ ወይ ፣ መሰንቆ ።

ንደጊያት ፣ እስባጋድስ ፣ ወልዱ ፣ እተደርሰሎም ።

አባ ፣ ገረይ ፣ አባ ፣ ገረይ ፣
ዓረርን ፣ በረድን ፣ መሰደደይ ፣
አባ ፣ ገረይ ፣ አባ ፣ ገረይ ፣
ወሊደዶ ፣ ከይሐዝን ፣ ኩበደይ ፣
አባ ፣ ገረይ ፣ አባ ፣ ገረይ ፣
ሠራሐደ ፣ ከይዓኑ ፣ ዓደይ ፣
አብ ፣ ዝኸድኩ ፣ ከይደ ፣ ኩሉ ፣ ዓደይ ።
አነ ፣ ምንታይ ፣ ግደይ ፣ ምንታይ ፣ ግደይ ፣
ዓረርን ፣ ባሩድን ፣ በረትን ፣ መሰድደይ ፣
ናብ ፣ ዝኸድኩ ፣ ከይደ ፣ ኩሉ ፣ ዓይይ ፣
ወሊደዶ ፣ ከይሐዝን ፣ ኩበደይ ፣
ወልደንኪኤል ፣ እንከሎስ ፣ ሐገስ ፣ ሙማት ፣
ጋንጉል ፣ እንከሎስ ፣ ሐጉስ ፣ ሙማት ፣
ካሕሳይ ፣ እንከሎስ ፣ ሐጉስ ፣ ሙማት ፣
አረጋዊ ፣ እንከሎስ ፣ ሐጉስ ፣ ሙማት ፣
ስብሐት ፣ እንከሎስ ፣ ሐጉስ ፣ ሙማት ፣
ወልደስላሴ ፣ እንከሎስ ፣ ሐጉስ ፣ ሙማት ፣
ትኸሕል ፣ ዝውዕሉ ፣ ከም ፣ ሐያማት ፣
ትጽገዕ ፣ ዝውዕሉ ፣ አብ ፣ ዓጋማት ፣
ወዲስ ፣ እንጋ ፣ ወሊደን ፣ እዘን ፣ ሐራማት ፣
አየ ፣ አተኳኳስ ፣ አጨማማት ፣

እዝጊ ፡ ዘይመሐሮም ፡ እዞም ፡ ድኹማት ፡
ወርሒ ፡ ተተርኢስካስ ፡ ጸሓይ ፡ ሙማት ።

(ሐንቲ ፡ ዓጋመተይቲ ።)

### 5. – ክራር ፡ ወይ ፡ መሰንቆ ።

ንደጊያት ፡ ንጉሠ ፡ ወዲ ፡ እልፉ ፡ ደጉዛይ ፡ አተደርሎ ።

ንጉሠ ፡ ንጉሠ ፡ ወይ ፡ ንጉሠ ፡
ንጉሠ ፡ ንጉሠ ፡ ወይ ፡ ንጉሠ'ዘ ፡ ዓለም ፡ ብላሽ ፡
ንጉሠ ፡ ንጉሐ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ እልፉ ፡
ርኢክዮ'ዚ ፡ ዓለም ፡ ብተላ ፡ ምሕላፉ ፡
ጠበንጃኻ ፡ ክልተ ፡ ዝአፉ ።
  ንጉሠ ፡ ወዲ ፡ እምቤት ፡ ሐጉሳ ፡
  ዕጽድ ፡ ወዓልክዮም ፡ ክም ፡ ዳጉሳ ፡
ሐምሳ ፡ ነይረን ፡ አብ ፡ ዝናሩ ፡
ይአክለካ ፡ ቢላቶ ፡ ሰናድሩ ።
  እዞም ፡ አክለጉዛይ ፡ እዞም ፡ ዓያሹ ፡
  እዞም ፡ ደጉዛይ ፡ እዞም ፡ ዓያሹ ፡
  እዞም ፡ ደጉዛይ ፡ እዞም ፡ ዓያሹ ፡
  እዞም ፡ ዝባንፀር ፡ እዞም ፡ ዓያሹ ፡
  ሃብ ፡ ሒማ ፡ ቢሎም ፡ ክይጠብሱ ፡
  ሃብ ፡ ብዕራይ ፡ ቢሎም ፡ ክይሐርሱ ፡
  ተአኩቦም ፡ እምቦአም ፡ ዘፍርሱ ፡
  ዘይእንባአም ፡ እምባ ፡ መን ፡ ፈሪሉ ፡
  ዘይእንባአም ፡ እምባ ፡ መን ፡ ፈሪሉ ፡
  ንጉሠ ፡ ንጉሠ ፡ እዚ ፡ ዓለም ፡ ብላሽ ፡
  አይተ ፡ እልፉ ፡ እረጊት ፡ መፍለስ ፡
  ንጉሠዶ ፡ ደጊም ፡ ክይምለስ ፡
እኖ ፡ ንጉሠ ፡ እኖና ፡ አይትኹና ፡
ንሱ ፡ ይመውት ፡ ንሰን ፡ ይቁነና ።

## IV. – ግጥሚ ፡ ብዛዕባ ፡ ትምህርትን ፡ ሥራሐን ።

### 1. – ብሥረት ፡ ምጀማር ፡ ትምህቲ ።

ተምህር ፡ ተዓጠቁ ፡ በሰመ ፡ አብ ፡ ቢልና ፡ክንጅምሮ ፡
ንጽቡቅ ፡ ሐሳብና ፡ ምእንቲ ፡ ክሰምሮ ፡
ሰጊድ ፡ ሰላም ፡ ቤት ፡ ትምህርተይ ፡ ቤት ፡ ኩልና ፡
ስማኺ ፡ ዝበለስ ፡ አብ ፡ ኩሉኺ ፡ የክፍሐልና ።
ኪኺይድ ፡ ዝነቀለ ፡

ከይምለስ ፡ እንተዘይተዳህለ ።
  ትምህቲ ፡ ምቕጻል ፡ ይፈቱ ፡ ይደሊ ፡
  ከም ፡ ሃደስ ፡ ተኸሊ ።
ይቕጽል ፡ ይዕምብብ ፡ ደስ ፡ በሊዎ ፡
ጠኪ ፡ ምርካቡ ፡ ተመሺዎ ።
  ትምህርቲ ፡ ከማኡ ፡ እዩ ፡
  ሰለልታ ፡ ይጸልእ ፡ ብባህርዩ ።
ተምሃረይ ፡ ተደሎ ፡ ንትምህርቲ ፡
ጊዜ ፡ ቀውዒ ፡ (መርመረ)ከትከምር ፡ ንዳእቲ ።
ሃከይ ፡ ሸለልተኛ ፡ ተሞሃረይ ፡
ከውዳዕ ፡ ይኑብር ፡ ከምብዕራይ ፡ ክራይ ።
ትምህርትን ፡ ፍልጠትን ፡ ዝርከቦ ፡
ሃብትን ፡ ጥዕናን ፡ ይድለቦ ።
  ተመህሮ ፡ አይነድሃርህር ፡ ንቅድሚት ፡ ደአ ፡ ንድፉእ ፡
  አብ ፡ መወዳእታ ፡ ወይለይ ፡ ወይለይ ፡ ከይንብል ፡ ከይንከፉእ ።
ብጽቡቕ ፡ ዝጀምሮ ፡ ተዓዊቱ ፡
ኪሕጉስ ፡ አለዎ ፡ አብ ፡ እተቱ ።
  ብጊዜ ፡ አዝመራ ፡ ሕረስታይ ፡ ይዘርእ ፡ ተመሃራይ ፡ ይተክል ፡
  አብ ፡ ንውዲ ፡ ትምህርቲ ፡ ከይገበረ ፡ ድንከል ።
እሰይ ፡ እሰይ ፡ ልበይ ፡ ተሐጉሰ ፡
እኒሆልካ ፡ ሃብቲ ፡ ትምህርት ፡ ተቀሪቡ ፡ ዚውረስ ።

አባ ፡ ያዕቆብ ፡ ገ/ኢየሱስ ፡ ሔቦ ።

2. — ናይ ፡ ሥራሕ ፡ ጠቅምን ፡ ክብርን ።

ሥራሕ ፡ ሥራሕ ፡ ሕወት ፡ ሱብ ፡ ዝኮንካ ፡ ሥራሕ ፡
አምላክ ፡ ኅለየ ፡ ብአካ ፡ ከንቁራሕ ፡ (ክንምልከት) ፡
ስለ ፡ ከይንስሃሃት ፡ ብሃደ ፡ ጉራሕ ፡
ሕይወት ፡ ይርኩብ ፡ አባኻ ፡ ጥራሕ ።
  ሥራሕ ፡ ሥራሕ ፡ ኩሉ ፡ አባካ ፡ ይስብሰብ ፡
  ንስካ ፡ እንደካ ፡ ዓይነተይና ፡ ምግቢ ፡ ሱብ ፡
  ተቂሊልካ ፡ (መሊእካ) ተቅረብ ፡ ከም ፡ ምሉእ ፡ መሰብ ፡
  ነአካ ፡ ዘጥፍእ ፡ መንታይ ፡ ይበልዕ ፡ ብመን ፡ ይሕሰብ ፡
ከባካ ፡ ዝሃደም ፡ ይጉዳእ ፡ ይርሕራሕ ፡
ንአካ ፡ ዘይፈቱ ፡ የለን ፡ በራሕ ፡
ነአካ ፡ ከየጥፍእ ፡ ኩሉ ፡ ይፍራሕ ፡
  ሥራሕ ፡ ሥራሕ ፡ ንአካ ፡ ዝደሊ ፡ ንአካ ፡ ዝፈቱ ፡
  ቅኑዕ ፡ መንገዲ ፡ ሐዘ ፡ አብ ፡ ጠቕሚ ፡ ኣብ ፡ ድሕነት ፡ ዝእቱ ፡
  ንአካ ፡ ትብለሉ ፡ ተላ ፡ ተላ ፡ አይትደንጉዩ ፡ ክፈቱ ፡

ይኩብር ፡ ይልዕል ፡ ንወትሩ ፡ ተከንቲቱ ፡
ጐበዝ ፡ ተንስእ ፡ ዝባንካ ፡ ቅላዕ ፡ ቅልጽምካ ፡ ግረሁ ፡
አምላክ ፡ ክይመጸ ፡ ክይበለካ ፡ ምስክር ፡ ጽሩኅ ፡
ንሰውነትካ ፡ ርእዩ ፡ ክይብለካ ፡ አይትፍራሕ ፡
ንሰብ ፡ ተክብሮ ፡ ንሰብ ፡ ተዕብዮ ፡ ጠንክሩ ፡ ሥራሕ ፡
ብሥራሕ ፡ ኢዱ ፡ ዝመንጐደ ፡
ሰማይ ፡ ይመስል ፡ ምስ ፡ ነጐደ ፡
አይምሰልካ ፡ ፈረስ ፡ ምስ ፡ ሃደደ ፡
ቀይዱ ፡ በተኸ ፡ ዘይቢሉ ፡ ጊዳ ።

አባ ፡ ያዕቅብ ፡ ገ/ኢየሱስ ።

3. – ናይ ፡ <u>አኩብሮት ፡ ሰላምታ ፡ ንዕዲማት</u> ።

እንቋዕ ፡ ብደሓን ፡ መጻእኩም ፡ ወለዲ ፡ ምስ ፡ መኳንንቲ ፡
ስለ ፡ ክትርእዮን ፡ ክትሰምዕን ፡ ናይ ፡ ደቅኩመ ፡ ፍረ ፡ ዘይቢላ ፡ ኅፍቲ ፡
አጨብጭቡ ፡ ኢድኩም ፡ ዓልላ ፡ ዕልልቲ ፡
ኩብ ፡ ረኩብና ፡ ጽፁቅ ፡ ዕድል ፡ ጽቡቅ ፡ ሃብቲ ።
ንሱ ፡ ኢዩ ፡ ንዓለመ ፡ ብርሃኑ ፡
ብዘይካኡ ፡ ልቢ ፡ ይድንቂር ፡ አእግሮ ፡ ይግኑ ፡
ከምቲ ፡ ዘይተጸርገ ፡ ማይ ፡ ጨሪሱ ፡ ዘሬኑ ፡
ብዛዕባ ፡ እዚ ፡ ገለ ፡ እንተ ፡ በልኩም ፡ አይትእመና ።
ደፍኡ ፡ ድአ ፡ ደቅኹመ ፡ አምህሩ ፡
ጠቅምናን ፡ ጠቅመኹምን ፡ ኪኸውን ፡ ኢዩ ፡ ንሐዋሩ ፡
ሰንደልደል ፡ አይትበሉ ፡ ከም ፡ ዓበሩ ፡
ጅግና ፡ ሰብ ፡ ይፋለጥ ፡ አብ ፡ ምጥንካር ፡ እግሩ ።
ሰንቂጣጣሽ ፡ ዕንቁጣጣሽ ፡ ዕንቁጣጣሽ ፡ ንብስራት ፡ በሉ ፡
ትምህርት ፡ ሃገርና ፡ ዘርአዩና ፡ አብ ፡ ምምዓባሉ ፡
ወለድን ፡ ውሉድን ፡ ዘይፈላለይሉ ።
ሐደራኹም ፡ ወለዲ ፡ ራኸቡ ፡ በር ፡ አይተድሐርሕሩ ፡
እዝጊሉ ፡ ክይትሕትሉ ።

አባ ፡ ያዕቆብ ፡ ገ/ኢየሱስ ፡ ሐቦ ።